# ኣብ ዝኸሪ መበል 15 ዓመት በዓል ናጽነት ኣይተሳተፍኩምን ተባሂሎም ተኣሲሮም

## ቤት ጽሕፈት ዜና ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
30.05.2006

54 ኤርትራውያን ተመሃሮ ኮሌጅ ማይ ነፍሒ፡ ኣብ ዝኸሪ መበል 15 በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣይተሳተፍኩምን ተባሂሎም ተኣሲሮም። ኵሎም ስዓብቲ ሃይማኖት ጰንጠቆስጠ ምዃኖም፡ ኣብ መንጎኦም 30 ደቂ ኣንስትዮ ከምዝርከብኦም ተፈሊጡ ኣሎ።

ንሳቶም፡ ኣብ ከም’ዚ ዝኣመሰለ በዓላት ክሳተፉ ሃይማኖቶም ዘይፍቅደሎም ምዃኑ’ኳ እንተገለጹ፡ ስርዓት ኣስመራ ግን፡ ክሳዕ ኣብ ከም’ዚ ዝኣመሰለ በዓላት ክሳተፉ ድልዋት ምዃኖም ዘረጋግጹ፡ ኣብ ማእሰርቲ ክጸንሑ ምዃኖም ከምዝተሓበሮም እሙናት ምንጭታት ካብ ዓዲ እንግሊዝ ይሕብሩ።

ዶክተር ብርሃነ ኣስመላሽ፡ ኣካያዲ ረሊዝ ኤርትርያ (Release Eritrea) እተባህለ ሰብኣዊ ትካል፡ እዚ ምስ’ቲ ኣብ ግዜ ደርግ ዝካየድ ዝነበረ ኮሚኒስታዊ ተግባራት ዘመሳስል ብዙሕ ጠባያት ኣለዎ። ኣብ’ቲ ግዜ’ቲ ኣብ’ቲ ብኪኑት ዝፍለጥ ናይ’ቲ ስርዓት ናይ ሳዕስዒትን ደርፍን ጕጅለ ክንጽንበር ንግደድ ኔርና ኢሉ።

ቀጺሉ፡ እቶም መንእሰያት ምእንቲ እምነቶም ዘርኣይዎ ጽንዓትን መኸተን ትብዓት ይህበኒ፤ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ ብዛዕባ ጥዕናኦምን ድሕነቶምን ብዙሕ እሻቐል ክብል ሾነታቶም ብዙሕ ከምዘተሓሳስቦ ገሊጹ።

እዚ፡ ስርዓት ኣስመራ ዝተፈላለዩ ምስምስ እናፈጠረ፡ ኣብ ልዕሊ ሰዓብቲ ንኣሽቱ ሃይማኖታት ዝፍጽሞ ዘሎ ካብ ነዊሕ እዋን ዝጀመረ ግፍዕታት ጌና ይቕጽሎ ምህላዉ ኢዩ ዘመልክት።